ኤርትራ/ERITREA
ህዝባዊ መኽተ - ንሰላም ፡ ልኡላውነት ፡ ልምዓት
Hizbawi Mekete — für FRIEDEN;SOUVERÄNITÄT und ENTWICKLUNG

# <u>ዕዉት ዋዕላ ባይቶ መኽተ ጀርመን</u>

ብቀዳም፥ ዕለት 26.02.2011 ኣብ ከተማ ማንሃይም ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ፥ ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይን ኣባላት ኢምባሲ ሃገር ኤርትራን: ከተማታት ጀርመን ወኪሎም ዝመጹ ሸማግለ መኽተን ዝተሳተፍዎ ዕዉት ዋዕላ ባይቶ መኽተ ጀርመን ተኻይዱ ።

በዚ ኣጋጣሚ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ጴጥሮስ ጻጋይ ፥ ንሓፈሻዊ ህለው ኩነታት ሃገር ኣመልኪቱ ኣብ ፖለቲካዊ ፥ ቁጠባዊን ልምዓትን ፥ ዲፕሎማሲያዊ ፥ ጉዳይ እገዳን ፥ በጺሕዎ ዘሎ ጎስጋስ ሃገር ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ ፥ ህዝቢ ኤርትራ ተምበርኪኹን ርዒዱን ከምዘይፈልጥን ፥ እኳ ድኣ ብዝተኻየዱ ሰሙርን ጥሙርን ህዝባዊ መኽተ ፥ ኣብ በቦታኡን በብእዋኑን ንጸላእትና ሞንቀት ፈጢሩ፥ ዘይሕጋዊ እገዳ ኣልሚሱ ፥ንህላወና ዘበረኽ: ክብል ኣድናቕቱ ገሊጹን ፥ካብ ህዝቢ ንዝቐረቡ ሕቶታት'ን ዘዕግብ መልሲ ሂቡ ።

ኣሰዒባ ወ/ሮ ሳባ ሰዩም ኣደ መንበር ፈጸሚት ሸማግለ መኽተ ጀርመን ፥ እንቋዕ ኣብ ኣፍደገ ርሁውን ቅሳነትን ቁጠባዊ ዒበት ተሰፋ ዓመተ 2011 ኣብቃዓና ብምባል ፥ ዝተበየነልና ዘይፍትሓዊ እገዳ ፥ ኮነ ኢልካ ካብ ጕዕዞ ምዕባሌና ንምዕንቃፍ ዝተማህዘን እኳ እንተኾነ፥ ብኣንጻሩ ግን ንህዝብና ኣነዲሩ ፥ ሃገራዊ መኽተኡ ዘሕየለ ምዃኑ ብድሕሪ ምጥቃስ ፥ ኣብ 2010 ናይ ዝተኻየዱ ሓፈሻዊ ምዕባሌታትን ንጥፈታት ህዝብን ሸማግለ መኽተን ዘቶኮረ ጸብጻባት ኣብ ዘቕረበቶ ዕውታት ሰራሓት ከም ዝተኻየዱ ክትሕብር ከላ ፧ ኣቶ ተሾመ ኣርኣያ ተሓዝ ገንዘብ ፈጸሚት ሸማግለ መኽተ ጀርመን ብወገኑ ነቲ ዕዉት ንቑጠባዊ ተሳትፎ ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን በኽተማታቱ ብዝርዝር ገለጹ።

ቀጺሉ ኣብ "ዕላማ መኽተን ዝጽበየና ዕማማታት" ዝትሕትኡ መግለጺ ፥ ብወኪል ህዝባዊን ኮማዊን ጉዳያት ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ክቐርብ ከሎ፧"ባህልና ይዓምብብ መንነትና ክዕቀብ" ዝብል ኣስተምህሮ ድማ፥ ብኣቶ መድሃኔ ተስፋኣለም ተዋሂበ ።

ወከልቲ ሸማግለ መኽተ ባይቶ ጀርመን ኣብ ገምጋማት ጸብጻብ ህዝባዊ መኽተ ዓመተ 2010 ኣዎንታዉን ኣሉታዉን ሰራሓቶም ብምግምጋም፥ ነቲ ኣሉታዊ መዳይ ብምትኳር ብዘተ ድሕሪ ምብሳል ንመጻኢ ፧ ሃገራዊ መኽተኦም ብቀጻሊ ንኸሕይሉን ንዓመተ 2011 መደባት ሰሪዮም፧ ከም ወትሩ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓውን ብይን ባይቶ ጸጥታ 1907/2009 ክሳብ ዝሕከኽ ፥ ኣብ ጎኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ኮይኖም መኽትኦም ብዝሓየለ ቀጻሊ ምዃኑ ብምርግጋጽ ናይ ሓባር ውሳኔ ብምትሕልላፍ ፥ ዋዕላ መኽተ ባይቶ ጀርመን ብዓወት ተዛዚሙ ።

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ነቶም ምእንታና በጃ ዝሓለፉ ጀጋኑ ሰማእታትና ፥

ዓወት ንሓፋሽ !

ፈጻሚት ሸማግለ መኽተ ጀርመን ፥
26.02.2011